ዝብኢ እንተሓነኽስ: ንነብስኻ ይደሊ!!!

ሰላም ከመይ ቀኒኹም:: ሰናይ ቅንያት በዓል ነጻነት ክኾነልኩም ንምነ!!! ዝበሃል ስለ ዝተሳእነ ኣይኮናን ጠፊእና ጸኒሕና: ኣብ ካልእ ጽምዶ ስራሕ ስለ ዝተታሕዝና 'ምበር:: ታሪኽ ብመሰለቱ ጥራይ ዘይኮነ: በቲ ክውን ሓቅታቱ ኢዩ ክዝንቶ ዘለዎ:: ነዚ እምነት እዚ ብምሓዝ ኢና ድማ: ንኹሎም ጉራቔናት ንመሰለት ክውንነቶም: በቲ ዝመስልዎ ሓቅታት ንምግላጽ እንምድብ ዘለና:: ተጻብኦታት ነዛ ጌና ሓዳስ ሃገር ዘላ ኤርትራ ንቡር ኢዮም ኮይኖም ዘለዉ:: እንተ ናይቶም ነይርና እንዳበሉ ዝጸውይዎ ናይ ኢንኪሒራ ጽዋታት ግን: ምናልባት ምስ ደቀሱ ንየኦም ጥራይ ዘሐጉስ: ነቶም ለኣኽቶም ከኣ ዘደዓዕስ ክኸውን ይኽእል ኢዩ:: እዚ ግዝያዊ መዐገሲ ድኣ 'ምበር: ናብቲ ዝሓልምዎ ነባሪ ሽቶ ዘብጽሖም ስለ ዘይኮነ ግን: እነሆ እቲ ሓቂ እንታይ ምዃኑ ክንዝርዝሮ ኢና:: ሰናይ ንባብ ንኹሉኹም:-

የማነ ተኽለገርግሽ (ኢብራሂም ዓሰል)



ኣብ ኣዲስ ኣበባ ትምህርቱ ዝቕጽል ዝነበረ የማነ ተኽለገርግሽ: ከም ኩሉ ኤርትራዊ መንእሰይ ሰብዓታት: ልዑል ሃገራዊ ፍቕርን ኒሕን ናይ ቃልሲ ድልየትን ሓዲርዎ ኢዩ: ጽቡቕ ናይ ትምህርቲ ዕድልን: ናይ ናብራ ክውንነትን እንዳሃለዎ እንክሎ ጥራይ ዘይኮነ: ምስ መንብሮ ስድራ-ቤቱ ብምዝማድ: ናብ ወጻኢ ሃገር ክኸደሉ ዝኽእል ምቹእ ባይታ እንዳሃለወ እንክሎ ኢዩ: የማነ ተኽለገርግሽ ልቡ ብዘንደዶ ሃገራዊ ፍቕሪ: ነታ እንኮ ዳግማይ ዘይትምለስ ህይወቱ: በጃ ህዝቡን ሃገሩን መስዋእቲ ክኸፍል ብማለት: ኣብ ዕለት 01-01-1975 ናብ ህዝባዊ ሓይልታት ሓርነት ኤርትራ ዝተሰለፈ::

የማነ ተኽለገርግሽ ከም ዕባይ ከተማን ናብራ ቐበጥበጥን ዘሕለፈ ወዲ ርኹባት መጠን: ገድልን መስገድሉን ካብታ ሀ ኢሉ ናብ ህዝባዊ ሓይልታት ሓርነት ኤርትራ እግሩ ዘንበረላ መዓልቲ ጀሚሩ ኢዩ: ምረት ገድልን መስገደልን ኣስተማቒርዎ::

የማነ ተኽለገርግሽ: ኣብ ፈለማ ዕለት 01-01-1975 ምስላፉ: ምስ ኣስታት 800 ዝኾኑ ብጾቱ ናብ ህዝባዊ ሓይልታት ሓርነት ኤርትራ ክስለፉ እንከለዉ: ናይ ዘሕለፍዎ ምረትን ጽንኩርነትን ጸዊኻ ዘይውዳእ ውዕሎ ስለ ዝነበረ ኢዩ ኸኣ: ድሕሪ ነጻነት ኤርትራ: እታ የማነ ተኽለገርግሽ ቲቪ ሓሶት ክብል ዘጸለማ ቲቪ ኤረን: ንታሪኽ ክስነድን: ንመጻኢ ወለዶ ክመሃርሉን ብማለት ከኣ: ማእከል ስነዳን ምርምርን ሚኒስትሪ ምክልኻል: ምስ ማእከል ስነዳን ምርምርን ህዝባዊ ግምባር ንደሞክራስን ፍትሕን: ሃገራዊ ማእከል ምርምርን ስነዳን: መደበር ተለቪዥን ኤርትራን ብምትሕብባር: ሓደ ንዘለኣለም ክውረስ ዝኽእል ማህደር ታሪኽ: ናይ'ቲ የማነ ተኽለገርግሽን ብጾቱን ዝሓለፍዎ መሪር ናይ ታዕሊም ጉዕዞ: ብመልክዕ ዳግመ ህየሳ ናብ ህልው ደኮመንታሪ ፊሊም ብምቕያር ሰኒደሙልና ዘለዉ:: ንምርግጋጽ ዝስዕብ ጥብቆ ተመልከት:-

የማነ ተኽለገርግሽ ድሕሪ ግቡእ ወትሃደራዊ ታዕሊምን: ፖለቲካዊ ትምህቱን ምውሳዱ: ኣብ ኣሃዱ ከቢድ ብረት ከም ሓኪም ጋንታ ኮይኑ ድሕሪ ምግልጋሉ: ክሳብ መራሕ ጋንታ ዝበጽሕ ዓበይቲ ታሪኻዊ ጅግንነት ዝፈጸመ: ናይ'ቲ እዋን ዘሐብን ሃገራዊ ሓርበኛ ኢዩ ነይሩ:: ስለ ዝኾነ ኢዩ ኸኣ ድሕሪ'ቲ ውህሉል ተወፋይነቱን ሓርበኝነቱን: መሪሕነት ህዝባዊ ግምባር ንተወፋይነቱን እምነቱን እኹል መጽናዕቲ ድሕሪ ምግባር: ኣባል ሰልፊ ክኸውን ዝሓጸዮን: ብቀዋሚ ኣባልነት ክሰርሕ ዝመደቦን::



ኣብ መሪሕነት ህዝባዊ ግምባር በይንኣዊ ውሳኔ ዝብሃል ኣይነበረን:: ውሳኔታት ህዝባዊ ግምባር ብሓባራዊ ድምጽን ምርድዳእን ኢዩ ዝውሰድ ነይሩ:: እንተኾነ ግን የማነ ተኽለገርግሽ: ንስትራተጅካዊ ወትሃደራዊ ፍልስፍና ህዝባዊ ግምባር ክገልጾ እንክሎ: ኢሰያስ ኣፈወርቂ

ንስልጣኑ ክቆጻጸር ክብል: ምዝላቕ ንኽግበር ውዲታዊ ስልቲ ከም ዝኣመመን: ኣቐዲሙ ’ውን ነቲ ምስ ተጋድሎ ሓርነት ኤርትራ ዝግበር ዝነበረ ናይ ሰላም ዝርርብ: መሪሕነት ህዝባዊ ግምባር ’ውን እንተኾነ ይቕበሎ ከም ዘይነበረ ኢዩ ዝገልጽ:: ንምኳኑ እቲ ሓቂ ከም’ዚ የማነ ዝብሎ ዘሎ ድዩ ነይሩ እቲ ኹነታት? ዋላስ የማነ ተኽለገርግሽ ንሕቡእ ዊዲታዊ ገበኑ ንምሽፋን ኢዩ: ኣብ ዝጠምዘዞ ታሪኽ ክሕባእ ዝደሊ ዘሎ? ስዒቡ ዝምለሽ ሕቶ ኢዩ::

ሰውራ ኤርትራ ንዝበዝሕ መሬት ኤርትራ ሓራ ምስ ገበረ: ወትሃደራዊ ሚዛን ሓይሊ ምስ ተዛብዐ: ደርግ ካብ ዝኣተዎ ናይ ስዕረት መዋጥር መዋጽኦ ከናዲ ስለ ዝነበሮ ኢዩ: ነቲ ኣሜሪካ ንስርዓት ሃይለስላሴ መዲባቶ ዝነበረት ዓመታዊ ናይ 2 ቢልዮን ዶላር ኣሜሪካ ወትሃደራዊ ባጀት: ናብ 50% ምስ ኣውረደቶ ኢዩ: ደርግ ስልታዊ ፖለቲካዊ ሕንጻጽ ብምሕንጻጽ: ግዝያዊ ፖለቲካውን ወትሃደራውን ረብሓ ንምኽሳብ: ካባ ማሕበርነት ብምልባስ ናብ ደምበ ማሕበርነት ሕብረት-ሶቭየት ገጹ ዝተጠምዘዘ::

ኣሕመድ ናስር ፍረይደል ትራፐን





ኣብ እዋኑ ላዕለዋይ ኢድ ጨቢጡ ዝነበረ ሰውራ ኤርትራ: ማሕበረ-ሰብ ዓለም: ብፍላይ ከኣ ሕብረት-ሶቭየት ዘላቶ ማሕበርነታዊ ደምበ: ምሉእ ሓገዝን ንስርዓት ደርግ ክህባ ኣብ ዝጀመራሉ እዋን: ኣብ ሞንጎ ሰውራ ኤርትራን: ኣብ ሞንጎ እቲ ውድቀቱ ዝጽበ ዝነበረ ስርዓት ደርግን: ናይ ዘተ ልዝብ ክካየድ ኢዮም ኣሚሞም:: መሪሕነት ተጋድሎ ሓርነት ኤርትራ: ምስ’ቲ ኣብ ኢትዮጵያ ካባ ማሕበርነት ለቢሱ ዝነበረ ስርዓት ደርግ: ሕቶ ኤርትራ ምስ ማሕበርነታዊ ሓይሊ ብዘተ ኢዩ ክፍታሕ ዝኽእል ብማለት ከም ዝወሰነትን: ከም’ቲ ባዕሉ ’ውን የማነ ተኽለገርግሽ ዝገለጾ: ጭቡጥ ሰነዳዊ ታሪኽ ከም ዘነጽሮን: ሕብረት ሶቭየት ንኣቦ ወንበር ተጋድሎ ሓርነት ኤርትራ ኣሕመድ ናስር: ቀይሕ ምንጻፍ ኣንጺፎም ክቕበልዎ እንከለዉ: ኣብ’ቲ ኣባል ሰልፊ ክረምሊን ዝነበሩ ፍረይደል ትራፐን (Friedel Trappen): ቢ.ኤን. ፖኖማረቭ (B.N. Ponomarev) ኣብ ዘካየድዎ ዝርርብ: ድሮ ንሕቶ ነጻነት ኤርትራ ውዱቕ ብምግባር: ንውሽጣዊ ምምሕዳር ኤርትራ ኣብ ትሕቲ ኢትዮጵያ ኢዮም ተቐቢሎም ንኹሉ ወትሃደራዊ ንጥፈታቶም ደው ከብሉ ተሰማሚዖም:: ስለ ዝኾነ ኢዩ ኸኣ: ተጋድሎ ሓርነት ኤርትራ ካብ እዋን ምዝላቕ ጀሚራ: ክሳብ ካብ ሜዳ ኤርትራ ዝወጸትሉ እዋን: ብታሪኽ ክምዝገብ ዝኽእል ዝኾነ ናይ ምልክልኻል ይኹን: ናይ ምጥቃዕ ወትሃደራዊ ስሪሒታት: ወይ ንጥፈታት ኣብ ልዕሊ ሰራዊት ስርዓት ደርግ ዘየካየደት:: ብኣንጻር እዚ ግን ተጋድሎ ሓርነት ኤርትራ: ኣንጻር ህዝባዊ ግምባር ዝቐንዐ ወትሃደራዊ ጉጤታዊ መጥቃዕቲ ግን: ብሰፊሑ ኢያ ተካይድ ነይራ:: ስለ ዝኾነ ኢዩ ኸኣ: ዝኾነ ኣባል ተጋድሎ ሓርነት ኤርትራ ነበር: ኣብ’ቲ ካብ እዋን ምዝላቕ 1978: ክሳብ እታ ተጋድሎ ሓርነት ኤርትራ ከም ውድብ ካብ ሜዳ ኤርትራ ዝወጸትላ እዋን: ዝኾነ ብተግባር ክጥቀስ ዝኽእል ንወትሃደራዊ ስሪሒት ዝምልከት ፍጻሜን ታሪኽን ዘየዘንቱ::

ኤሪክ ሆኒከር ተጋዳላይ ኢሰያስ ኣፈወርቂ





እቲ ኣብ ርሱን ወትሃደራዊ ኩናት ተጸሚዱ ዝነበረ መሪሕነት ህዝባዊ ግምባር ግን: ንማሕበርነታዊ ደምበ ዘይቕበል ኣድሓርሓርን: ሉኡኽ ሃጸያዊ ደምበ ኢዩ ብዝብል ምስምስ: ኣብ ምብራቕ ጀርመን በርሊን: ካብ ዕለት 31 ጥሪ 1978 ክሳብ 03 ለካቲት 1978 ምስ ደርግ ዘተ ከካይድ ክዕድም እንከሎ: ናይ’ቲ እዋን ናይ ምብራቕ ጀርመን መራሒ ምስ ዝነበረ ኤሪክ ሆኒከር (Erich Honecker) ኣብ ዝተኻየደ ናይ ዘተ ዝርርብ: ብወገን ህዝባዊ ግምባር ብምኽትል ዋና ጸሓፊ ህዝባዊ ግምባር ሓርነት ኤርትራ: ተጋዳላይ ኢሰያስ ኣፈወርቂ ዝመርሖ: ብወገን ስርዓት ደርግ ወኪሉ ዝቐረበ: ኮሎኔል ብርሃኑ ባዮህ ዝርከቦም ዘተ ዝተኻየደ:: መሪሕነት ህዝባዊ ግምባር: ኣብ’ቲ ርክብ ንነጻነት ኤርትራ ህዝባዊ ድምጺ ክግበር ክእምም

እንከሎ፡ ንነጻነት ኤርትራ ምሉእ ብምሉእ ኢዩ ኣድሚጽሉ፡፡ ኣብ እዋኑ መራሒ ምብራቕ ጀርመን ኤሪክ ሆኒከር (Erich Honecker) ቓል-ብቓሉ፡ ንመሪሕነት ህዝባዊ ግምባር፡ ብፍላይ ከኣ ነቲ ሉኡኽ ዝመርሐ፡ ናይ ሽዑ ምኽትል ዋና ጸሓፊ ዝነበረ ኢሰያስ ኣፈወርቂ፡- ”ስርዓት ደርግ ምሉእ ብምሉእ ሰፊሕ ምድላው ብምክያድ፡ ኣብ ልዕሊ ሰውራ ኤርትራ ዘየዳግም ደምሳሲ ወትሃደራዊ መጥቃዕቲ ከካይድ ስለ ዝኾነ፡ ሰውራ ኤርትራ ነበረያ ነበረ ዝበሃለሉ እዋን ዕድሚኡ ሓጺር ስለ ዝኾነ፡ ኣብ'ዚ እንከለኹም ናብ ዝደለኹሞ ሃገራት ክንሰደኩም፡ ዘድሊ ናይ ትምህርቲ ዕድላት 'ውን ክንከፍተልኩም ስለእንኽእል፡ ኢድኩም እትህብሉን፡ ምፍራስ! ወይ ስዕረት! ናይ'ቲ እትመርሕዎ ውድብ መግለጺ ሂብኩም፡ ናብ ሰላማዊ መንብሮኹም ክትኣትዉ ኢና ንዕድም” ተባሂሉ፡፡ እቲ ዘተ ኣብ ዕጽው ማዕጾ ምስ በጽሐ፡፡ መልሲ መሪሕነት ህዝባዊ ግምባር ሓርነት ኤርትራ፡ ብመንገዲ ወኪሉ ተጋዳላይ ኢሰያስ ኣፈወርቂ፡ ነቶም ንውድቀት ሰውራ ኤርትራ ዝሓልሙ ዝነበሩን፡ ንመላእ ህዝቢ ኤርትራን ዝስዕብ ምላሽ ኢዩ ሂቡ፡- ”ኣብ መስርሕ ሰውራ፡ ክትደፉ ክትድፋእ ዝነበረን ዘሎን ኢዩ፡፡ ኣብ መወዳእታ እቲ ዝዕወት ግን ሓፋሽ ህዝቢ ኤርትራ ኢዩ!!! ቃልስና ኸኣ፡ ነዊሕን! መሪርን! ዓወትና ኸኣ፡ ናይ ግድን ኢዩ!!!” ነዚ እምነት እዚ የማነ ተኽለገርግሽ፡ ተጋዳላይ ኢሰያስ ኣፈወርቂ ምእንቲ ስልጣን ናይ ብሕቲ ክጭብጥ ክብል፡ ነቲ ወትሃደራዊ ምዝላቕ ኣዊጅዎ ምባል፡ ካብ ክውንነት ምርሓቕን፡ ንህዝቢ ምድንጋርን ጥራይ ዘይኮነ፡ ተጋዳላይ ኢሰያስ ኣፈወርቅን፡ መሪሕነት ህዝባዊ ግምባርን ከኣ፡ እቲ ቓልሲ ህዝቢ ኤርትራ ኣብ ግምቦት 24 1991 ከም ዝውዳእ፡ ዛዕጎል ኣውዲቖም ፈሊጦም ነይሮም ማለት ዲዩ? ዋላስ ደርግ ካብ'ታ ስልጣን ዝጨበጠላ እዋን ኣትሒዙ፡ ክሳብ እታ ተሳዒሩ ዝወጸላ ግምቦት 24 1991 ኣብ ስልጣን ክጸንሕ ብማለት፡ ምስ ስርዓት ደርግ ተሰማሚዕም ኢዮም ነይሮም ማለት'ዩ!!! ኣብ'ቲ እዋን ኣብ ሞንጎ ስርዓት ደርግን፡ ህዝባዊ ግምባር ሓርነት ኤርትራን፡ ኣብ ሞንጎ ደርግን፡ ተጋድሎ ሓርነት ኤርትራን ናይ ዝተኻየደ ዘተ ዝርርብ፡ ጥብቆ ቅዳሕ ተመልከት፡-

http://www.durame.com/2016/03/documents-on-secret-meetings-between.html

ብርሃኑ ባዮህ



ደርግ ግዜ ንምኽሳብን፡ ወትሃደራዊ ላዕለዋይ ኢድ ንምጭባጥን ካብ ዝነበሮ ትልሚ፡ ንማሕበርነታዊ ደምበ ሕብረት ሶቭየት ዝሃቡዎ ምኽሪ ብምቕባል፡ መዕደጊ ግዜ ንኽኾኖ፡ ናብ'ቲ ናይ ሰላም ዝርርብ ዘተ ክኣቱ ዝተቐሰበ፡፡ ኣብ'ቲ እዋን ዓቕሚ ሰራዊት ተጋድሎ ሕርነት ኤርትራ፡ ኣስታት 30,000 ክበጽሕ እንከሎ፡ ህዝባዊ ግምባር ሓርነት ኤርትራ ኣሰሊፍዎ ዝነበረ ሓይሊ ኸኣ፡ ኣስታት 15,000 ኢዩ ዝበጽሕ ነይሩ፡፡ እዚ ብፍርቂ ሓይሊ ካብ ተጋድሎ ሓርነት ኤርትራ ዝወሓደ ሓይሊ ዝነበሮ ህዝባዊ ግምባር ሓርነት ኤርትራ፡ ነቲ ክሳብ ዓንቀሩ ዓጢቑ ዝመጸ ዝነበረ ስርዓት ደርግ፡ እዚ ማለት፡- ኣስታት 120,000 ሰራዊትን፡ 350 ታንክታትን፡ ካብዚኤን እተን 125 (ሓደ ሚእትን ዕስራን ሓሙሽተን)፡ T.55 ዝዓይነተን ዘመናውያን ታንክታትን፡ ብግብረ ሓይሊ ዝተወደበ ኣጋር ሰራዊትን፡ መካናይዝድ ኣሃዱን፡ ምስ ሞቶራይዝ ኣሃዱታትን ፍሉይ ናይ ኣየር ወለድ ሓይልን፡ ኮማንዶ ኣሃዱን፡ ኣብ ኣፍሪቃ መወዳድርቲ ዘይነበሮ ኣሃዱ ሓይሊ ባሕርን፡ ዘመናዊ ዕጥቅታት ዝዓጠቐ ሓይሊ ኣየር፡ ሚግ 21፡ ሚግ 23 ዘመናውያን ነፈርትን፡ MI24 ዘመናውያን ተዋጋእቲ ሄሊኮፕተርን፡ ካብ'ቲ ዝነኣሰ ናይ 60 ሚሊ ሚተር ሞርታር ተወንጫፊ ስቕሎ ብረት፡ ክሳብ ናይ 160 ሚሊ ሜተር መድፍዕን፡ ብዓለም ዝተወገዘ ተባራዒ ናፓልማትን፡ ኩኑን ቅመማዊ ጋዝን ንዝዓጠቐ ሰራዊት፡ ኣብ ዝመረጸ ቦታን ግዜን ንኽዳኽሞ ህዝባዊ ሰራዊት ሓርነት ኤርትራ ከዝልቕ ግዴታ ኢዩ ነይሩ፡፡

መግለጺ የማነ ተኽለገርግሽ ንሕቶ ምዝላቕ ግን፡ ናይ ስልጣን ውልቀ ሰባት ገይሩ ክገልጸ እንከሎ፡ ብፍላይ ከኣ፡ ነቲ ንሱ ብኣባልነት ዝቃለሰሉ ዝነበረ ፍሉይ ሚስጥራዊ ሰልፊ 'ውን፡ ከም ናይ ንኢሰያስ ንምሕላው ዝቖመ ፍሉይ ኣሃዱ ገይርካ ምቕራብ፡ ነቲ ወያነ ካብ ነዊሕ እዋን ኣትሒዞም ዝትልምዎ ዝነበሩ፡ ንታሪኽን ቃልስን ህዝቢ ኤርትራ ንምድዋንን፡ ቡኡ ገይርካ ከኣ ህዝቢ ዝሕዞን፡ ዋልታ ክኾኖ ዝኽእል መሰረታዊ ናይ ህልውናኡ ታሪኽ ከም ዘይቅበልን፡ ከም ዝጽይኖን ንምግባር ዝተተለመ፡ ወያናዊ ናይ ዕንወት መደብ ምንጻፍ ንምውቓር ምኺኑስ፡

ዝስሓት ኣይኮነን::

ብህ.ግ. ተማሪኾም ዝተለቐቑ ምሩኻት



ምሩኻት ኩናት ነጻ እንዳተለቁ




እቲ ዝገርም: የማነ ተኽለገርግሽ: ኣብ 6ይ ክፋል ቃለ-መሕትቱ ምስ ራድዮ ኣሰና: መሓመድ ዓሊ ክለይ (ንእሽቶይ) ዝብሃል ተጋዳላይ: ኣብ ሓለዋ ሰውራ ድሕሪ ተኣሲሩ ምውጽኡ: ኣብ ኣኼባ ቦጦሎኒ: ኣብ ሓለዋ ሰውራ እቶም መርመርቲ ንእሱራት ተጋደልቲ: ተጋደልቲ ብተጋደልቶም ከኣ: ነዛ ሃገር ዘይትምለስ ክብርቲ ህይወቶም ከፊሎም: ሓራ ክገብሩዋ ዝመደቡ ተጋደልቲ: ኣብ እዝኖም ዝፈልሐ ማይን ዘይትን የፍስስሎም ነይሮም ኢሉ ገሊጹልና:: ኣብ'ቲ እዋን ኣዛዚ እታ ቦጦለኒ ዝነበረ ወልደርፋኤል ስብሃቱ ነዚ ምስ ሰምዐ: "ናይ ብሓቂ ኣነ ከምዚ እትብሎ ዘለኻ ኣብ ልዕሌይ እንተዝፍጸሙ ነይሮም! ብረት ሒዘ ምሰኦም ክቃለስ ኣይኮነን: በቃ ነታ ሓንቲ መዓልቲ 'ውን ትኹን: ብተርባጽ ካላሽን ዝሕዘላ መዓልቲ ተጸብየ: ሓሓሊፈ ንኹሎም ምወዳእኩዎም ነይረ:: ኣሽምባይዶ ምሰኦም ሓቢረ ብረት ሒዘ ክቃለስ::" ኢሉና ክብል ኢዩ ገሊጹ::

ኣንቱም ሰባት: እቲ ምሕሳውሲ ደሓን ይሓሱ:: ኣብ ቦጦሎኒ ምልእቲ: ዝፈልሐ ማይ ውዑይን ዘይትን ኣብ እዝኒ ሰብ የንቆርቁርዎ ከም ዘለዉ እንዳ ሰምዑስ: እንታይ ዓሺርዎም ድኣ ሱቕ ኢሎም ተቓሊሶም? ንባዕሉ የማነ ተኽለገርግሽ ከ: እዚ እንዳ ሰምዐ እንታይ ከምጽእ ኢሉ ይቃለስ ነይሩ ማለት ኢዩ? እቲ ጌና ኣብ ሕቶ መትከል ምኽባር ሰብኣዊ መሰላት ዝተወልደ ህዝባዊ ግምባር ሓርነት ኤርትራ ድኣ: ኣሽንኳይዶ ነቶም ኣብ ጎኑ ክቓለሱ ዝመጹ ኤርትራውያን ሓርበኛታት ተጋደልቲ: ነቶም ኣብ ዓውደ ኩናት ኣንጻሩ ተሰሊፎም ከድምይዎን: ነበረያ-ነበረ ክገብሩዎ ዝመጹ ወትሃደራት ሰራዊት ደርግን: ላዕለዎት ወትሃደራውያን ኣማኸርቲ ስርዓት ሕብረት ሶቭየትን: ኣብ ውዕል ጀነቫ ክታሙ ከየንበረ ኣንከሎ ኢዩ: ልዕሊ ክታም ውዕል ጀነቫ: ነቶም ዝማረኾም ኣስተምሂሩ: ብንቕሓት ሃኒጹ ነናብ ዝመረጽዎ ቦታ ዘፋነዎም:: ህያው ምስክር ጥብቆ ቪድዮ ተመልከት:- https://www.youtube.com/watch?v=rMwlFD4MzJU

ኣሰላልፋ ሰራዊት ወያነ



ኣሰላልፋ ህ.ሰ.ሓ.ኤ.




የማነ ተኽለገርግሽ: ድሕር'ቲ ዝተኻየደ 5 ወራራት ስርዓት ደርግ: ኣብ እዋን 6ይ ወራር 1982: ከይሓነኽ ኣፉ መሊኡ ኢዩ: ህዝቢ ኤርትራ ንሰውራኡ: ነቲ ምእንቲ ነጻነቱ ዝቃለስ ዝነበረ ህዝባዊ ግምባር ሓርነት ኤርትራ ከም ዝጠለሞን: ንህዝቢ ኤርትራ ከኣ: ነቲ ዝያዳ ኹሉ ኣብ ጽንኩር ኩነት መመሊሱ ጽንካረኡ ዝድርዕ ህዝቢ ኤርትራ: ሞራሉ ተተንኪፉ ንሰውራኡ ከም ዝጠለመ ገይሩ ብምቕራብ: ድሕነት ሰውራ ብሱታፌ ሰራዊት ህዝባዊ ወያነ ሓርነት ትግራይ ከም ዝተረጋገጸን: ክሳብ ነጻነት ክበጽሕ መሰረታዊ ረቛሒ ምንባሩ ገይሩ ክገልጽ ዓይኑ 'ኳ ኣይሓሰየን:: ዝበልዐት ከብዲ!!! ድዩ ዝበሃል:-

ኣብ እዋን 6ይ ወራር: ዓቕሚ ህዝባዊ ሰራዊት ሓርነት ኤርትራ 30,000 (ሰላሳ ሽሕ) ነይሩ:: እዚ ነቲ ናይ ደጀን ዑቑር ሓይሊ ኣብ ግምት ከየእተኻ: ኣብ ቅድመ ግንባር ዝነበረ ሰራዊት ህዝባዊ ግምባር ሓርነት ኤርትራ ኢዩ:: ኣብ'ቲ እዋን ህዝባዊ ወያነ ሓርነት ትግራይ: ቀዋሚ ዝኾነ ግምባራትን ዘተኣማምን ደጀን ስለ ዘይነበሮ: ተንቀሳቓሲ ኢዩ ነይሩ:: ብዓይነት ዕጥቂ ይኹን: ትሕዝቶ ቁጠባ 'ውን: ዝተሓተ ደረጃ ኢዩ ነይሩዎ:: እዚ ማለት ከኣ: ብድምር እቲ ውድብ ኣስታት 12,000 (ዓሰርተ ክልተ ሽሕ) ምዱብ ሰራዊት ነይሩዎ::

*ወትሃደራዊ ስትራተጂ ስርዓት ደርግ፡ መጀመርያ ነቲ ሓኒቑ ሒዝዎ ዘሎ ህዝባዊ ሰራዊት ሓርነት ኤርትራ ብቐዳማይ ደረጃ ተጠቃዒ ብምስራዕ፡ ወትሃደራዊ መጥቃዕትታቱ ኣብ ልዕሊ ህዝባዊ ሰራዊት ሓርነት ኤርትራ ድሕሪ ምፍጻሙ፡ ኣብ መዛዘሚ ንሰራዊት ህዝባዊ ወያነ ሓርነት ትግራይ ንምድምሳስ ጸገም የብሉን ብማለት፡ ኣብ'ቲ ወትሃደራዊ ውጥን ስኢልዎ ዝነበረ ካርታ፡ ስትራተጂካውን ስልታውን ኩናት ስርዓት ደርግ፡ ንህዝባዊ ወያነ ሓርነት ትግራይ ኣብ ወረቐት ዘቐመጠ፡ ቀዋሚ ወትሃደራዊ ስትራተጂ ኣይነበረን፡፡*

*ካብ'ዚ ብምብጋስ፡ ህዝባዊ ወያነ ሓርነት ትግራይ ህላዌኣ ከተውሕስ እንተኾይና፡ ዘሎ ዓቕማ ኣተኣኻኺባ ንሰለስተ ዕላማታት ናብ ሜዳ ኤርትራ ሳሕል ክትልእኽ ነይሩዋ፡፡*

1\. *ህዝባዊ ወያነ ሓርነት ትግራይ፡ ንውሕስነት ህላዌ ቀዳምነታ ንምርግጋጽ፡ ሰራዊታ ናብ ሜዳ ኤርትራ ክትልእኽ ነይሩዋ፡፡*

2\. *ህዝባዊ ወያነ ሓርነት ትግራይ፡ ካብ'ቲ ልዑል ተሞኩሮ ዘለዎ ህዝባዊ ሰራዊት ሓርነት ኤርትራ፡ ወትሃደራዊ ስልትን ስትራተጅን፡ ወትሃደራዊ ቅዲ ኹናትን ክትቀስም፡ ናብ ሜዳ ኤርትራ ሰራዊታ ክትልእኽ ነይሩዋ፡፡*

3\. *ህዝባዊ ወያነ ሓርነት ትግራይ፡ ናይ ቁጠባ ጸገም 'ውን ስለ ዝነበራ፡ ንሰራዊታ ከተዕቅብን፡ ሓደስቲ ተኸተብቲ ኣብ ወትሃደራዊ ታዕሊም ከተካይድ ትኽእል ስለ ዘይነበረት፡ ቀለብ ሰራዊታ ከተውሕስን፡ ሓደስቲ ተዓለምታ ከተዐልምን ብማለት፡ ሰራዊታ ናብ ሜዳ ኤርትራ ክትልእኽ ነይሩዋ፡፡*

*ወያናይ ሓየሎም ኣርኣያ*



*ወያናይ ሳሞራ ዮኑስ*



*ካብ'ዚ መሰረታዊ ሕቶ እዚ ብምብጋስ፡ ህዝባዊ ግምባር ሓርነት ኤርትራ፡ ንሰራዊት ህዝባዊ ወያነ ሓርነት ትግራይ ናብ ሜዳ ኤርትራ ክቕበሎም እንከሎ፡ ህዝባዊ ወያነ ሓርነት ትግራይ* 5,000 *(ሓሙሽተ ሽሕ) ሰራዊት ናብ ሜዳ ኤርትራ ሊኢኻ ኢያ፡፡ ካብዚኦም እቶም* 3,000 *(ሰለስተ ሽሕ) ሓደስቲ ተዓለምቲ ኢዮም ነይሮም፡፡ እቶም ዝተረፉ* 2,000 *(ክልተ ሽሕ) ከኣ፡ ፍርቆም ኣቐዲሞም ኣብ ሜዳ ኤርትራ ተዓሊሞም ዝነበሩ ኢዮም፡፡ ነዚ ሰራዊት እዚ ከኣ፡ ኣብ እዋኑ ነፍስሄር ሜጀር ጀነራል ሓዮሎም ኣርኣያን፡ ናይ ሕጂ ሓለቓ ስታፍ ጀነራል ሳሞራ መሓመድ ዮኑስ ኢዮም ዝመርሕዎ ነይሮም፡፡ ንሳቶም ንባዕሎም 'ውን፡ እኹል ተሞኩሮ ክቐስሙ ኢዮም መጺኦም ነይሮም፡፡*

*ሰራዊት ህዝባዊ ወያነ ሓርነት ትግራይ፡ ኣብ ኣሰላልፋ ልክዕ ከም'ቲ የማነ ተኽለገርግሽ ዝገለጾ፡ ሓንቲ ጋንታ ኣብ ሓይሊ፡ ሓንቲ ሓይሊ ኣብ ቦጠሎኒ፡ ሓንቲ ቦጠሎኒ ኣብ ብርጌድ ኢዮም ተሰኺዕም ነይሮም፡፡ የማነ ተኽለገርግሽ ነዚ ናይ ኣሰላልፋ ሓይልታት ኣብ ግምት የእትዩ ዶ ተዛሪቡ ይኸውን? ወይሲ ካብ ኩቱር ጽልእን ቅርሕንትን ኢዩ መበገሲኡ?*

*መሪሕነት ህዝባዊ ግምባር ሓርነት ኤርትራ፡ ነዚ ኣሰላልፋ እዚ ክውድብ እንከሎ፡ እቲ ቐንዲ ክምልሾ ዝደሊ ዝነበረ ሕቶ፡ ዝያዳ ረብሓ ሰውራ ኤርትራ፡ ንረብሓ ህዝባዊ ወያነ ሓርነት ትግራይ ዝሓሊ ኢዩ ነይሩ፡፡ ምኽንያቱ ሰራዊት ወያነ፡ ኣብ ኩለን ሓይልታት ህዝባዊ ሰራዊት ሓርነት ኤርትራ ተሰኺያም ፋሕ ክብሉ እንከለዉ፡ እቲ ቐዳማይ ረብሓ ናይ ህዝባዊ ወያነ ሓርነት ትግራይ፡ ተሞኩሮ ምቕሳም ክኸውን እንከሎ፡ ንበይኖም ድፋዕ ክሕዙ እንተተዋሂብዎም ከኣ፡ ንሰውራ ኤርትራ፡ ብፍላይ ከኣ ንሓይሊ ህዝባዊ ግምባር ሓርነት ኤርትራ ክሳራ ስለ ዝነበረ ኢዩ፡ ነዚ ኣሰላልፋ እዚ መሪሕነት ህዝባዊ ግምባር ኣሚሙ ዝተቐበሎን ዘተግበሮን፡፡*

መንግስቱ ሃይለማርያም ምስ ቀይሕ ደም ጥርሙዙ                    ስብሓት ኤፍሬም ምስ ህዝቢ





6ይ ወራር: ኣብ ወርሒ 01 ዕለት 12 ኢዩ ጀሚሩ:: ኣብ ወርሒ ሰነ ዕለት 20-1982 ኸኣ ብስዕረት ደርግ ተዛዚሙ:: ደርግ: ኣብ'ዚ ኹናት እዚ: 33,000 (ሰላሳን ሰለስተን ሽሕ) ክሞቱዎ እንከለዉ: 23,000 (ዕስራን ሰለስተን ሽሕ) ከኣ ቁሱላት ክኾኑ እንከለው: ኣስታት 8,000 (ሸሞንተ ሽሕ) ከኣ ተማሪኾሞ:: ኣብ'ዚ ኹናት እዚ ህዝባዊ ሰራዊት ሓርነት ኤርትራ: ኣስታት 2,000 ክስዉእዎ እንከለዉ: ከባቢ 5,000 (ሓሙሽተ ሽሕ) ከኣ ቁሱላት ነይሮሞ:: ህዝባዊ ወያነ ሓርነት ትግራይ ከኣ: ኣብ'ዚ ኹናት እዚ: 186 ተጋደልቲ ወያነ ክስዉኡ እንከለዉ: ከባቢ 1,000 (ሓደ ሽሕ) ዝኾኑ ኸኣ ቁሱላት ነይሮሞም:: በየናይ መለክዒ ሚዛን ኢዩ የማነ ተኽለገርግሽ: ህዝባዊ ወያነ ሓርነት ትግራይ: መድሕን ሰውራ ኤርትራ ኢዩ ነይሩ ኣብ እዋን ጥልመት ህዝቢ ኤርትራ: ንሰውራ ኤርትራ ዝብለና ዘሎ?

ተሳትፎ ህዝቢ ኤርትራ ኣብ እዋን 6ይ ወራር




የማነ ተኽለገርግሽ: እስከ ክንሓተካ:: ንምንታይ ኢኻ ኸ: ህዝቢ ኤርትራ ኣብ ታሪኽ ንሰውራኡ ጠሊምዎ ይፈልጥ ድዩ? ህዝቢ ኤርትራ እቲ እንኮ ኣብ ዓለምና ዝልለየሉ ባህሪ እንተሃልዩ: እቲ ንሰውራኡ ተቓሊሱ ዘቃልሰ ህዝቢ ምዃኑ ኢዩ ዝፍለጥ ጥራይ ዘይኮነ: ብቐንዱ ኣብ'ቲ ወጣሪ እዋን 6ይ ወራር 'ዉን እንተኾነ: ዓበይቲ ሰላማዊ ሰልፍታት ብምውዳብ: ነቲ እዋን ዘገልግል መከላኸሊ: ናይ'ቲ ቅመማዊ ጋዝ ዝኸውን ኣንትሮፒን ዝብሃል መድሃኒት ናብ ሜዳ ኤርትራ ዝለኣኸ እኮ: ህዝቢ ኤርትራ 'ምበር ህዝቢ መቐለ ኣይኮነን:: የማነ ተኽለገርግሽ: ሓርበኛታት ደቂ-ኣንስትዮ ዝርከበኦም: 11 መንእሰያት ኣብ ቀጽሪ ቤት ጽሕፈት ውድብ ሕቡራት ሃገራት ወጺኦም: ንኣስታት ሓደ ወርሒ ዝቐጸለ: ክሳብ 33 መዓልቲ መግቢ ምሕሳም ኣድማ ገይሮም: ንድሕነት ሰውራኦም ዝተኸላኸሉ እኮ: መንእሰያት ኤርትራ 'ምበር: መንእሰያት ትግራይ ኣይኮኑን! ኣይተ የማነ ተኽለገርግሽ::

ራድዮ ኣር.ዲ.ኤፍ                    122 ሚሊ ሜተር መዳፍዕ





የማነ ተኽለገርግሽ: ህዝባዊ ሰራዊት ሓርነት ኤርትራ: ኣብ 1985 ንከተማ ባረንቱ ምስ ኣጥቀዐ: ኣብ እዋኑ ከተማ ባረንቱ ሓራ ምስ ኮነት: ካብ ባረንቱ ዘምለጠ ሓይሊ ጸላኢ: ብዓዲ ቐሺ ገይሩ ናብ ሞጎሎ ቀሪጹ ክስግር ኣብ ዝመደበሉ እዋን: ኣብ ከበባ ሓይልታት ህዝባዊ ሰራዊት ድሕሪ ምእታዉ: ምሉእ ብምሉእ ክድምሰስ እንከሎ: ኣብ'ቲ ግዜ እቲ: 9 ናይ 122 ሚሊ ሜተር መዳፍዕን: ሓንቲ ራድዮ ኣር.ዲ.ኤፍ. (RDF) Radio direction finder: ካልእ ዓበይቲ ተቶኳሲ ኣጽዋራትን ምስ ማረኸ: ህዝባዊ ግምባር ከኣ: ምናልባት መንግስቲ ሶማል ኣቐዲሙ ምስ ሕብረት ሶቭየት ብዝነበሮ ወትሃደራዊ ስምምዕ መሰረት: እታ ኣር.ዲ.ኤፍ. (RDF) Radio direction finder እትብሃል ራድዮ ኣፍልጦ ክህልዎም ስለ ዝኽእል ብማለት: ንዮውሃንስ ጆን ኣብ'ታ ራድዮ ኣፍልጦ ንኽህልዎ: ናብ ሶማል ክለኣኽ እንከሎ እኮ: ንስኻ ኢኻ ተቐቢልካዮ:: ብመሰረት መምርሒ ናይ'ቲ ውድብ ከኣ: ምስ መንግስቲ ሶማል ተመያይጥካ: ዮውሃንስ ጆን እቲ ዝግባእ ትምህርቲ ክቕስም ምእንቲ: ናባኻ ዝተላእከ:: ሕጂ ኮይንካ ክትዝክሮ እንከለኻ ግን: የማነ ተኽለገርግሽ ኣብ'ቲ እዋን: እንታይ ከም ዝገበርካ ትዝክሮ ዶ? ንመጀመርያ ግዜ ኣባላት ስለያ ሕብረት ሶቭየት: ብመንገዲ ኣባላት ስለያ ሶማል ኣቢሎም: ብዛዕባ እታ ኣብ ኢድ ህዝባዊ ሰራዊት ሓርነት ኤርትራ ዝኣተወት ራድዮ ኣር.ዲ.ኤፍ. (RDF) Radio direction finder ዝምልከት ንኽፈልጡ: ምሳኻ ርክብ ዝጀመሩን ዝኸፈቱን: ካብ'ቲ እዋን ኣትሒዝካ ኢኻ ንስኻ ከኣ: ካብ'ቲ ምስ ብጾትካ ትነብረሉ ዝነበርካ ናይ

ሓባር ገዛ: ናይ ውልቅኻ መንበሪ ገዛ ክትካረ ዝጀመርካን: መነባብሮኻ ክትቅይር ዝወሰንካን:: ካብዚ ዝሓለፈ 'ውን: ሰራሕተኛ ዝቖጸርካ::

## ሓይሊ ባሕሪ ኢትዮጵያ



ኣብ ሓይሊ ባሕሪ ኢትዮጵያ: ናይ ርክብ ሓላፊ ዝነበረ: ሓለቓ ሚእቲ ተመስገን ኣያሌው ናብ ሶማል ኢዱ ድሕሪ ምሃቡ: ሰበ-ስልጣን ሶማል: ምስ'ቲ ምስ መሪሕነት ህዝባዊ ግምባር ዝኣተዉዎ ስምምዕ መሰረት: ክልቲኦም ወገናት ወትሃደራዊ ስለያዊ ሓበሬታታት ክለዋወጡ ብዝኣተዉዎ ስምምዕ መሰረት: ወትሃደራዊ ክንፊ ሶማል ዘድልዮ ወትሃደራዊ ሓበሬታ ምስ ረኸበ: ብመሰረት ስምምዑ ንዓኻ ንየማነ ተኸለገርግሽ: ንውድብ ህዝባዊ ግምባር ዘድልዮ ሓበሬታ ክህሉ ስለ ዝኽእል: ክትረኽቦ ከም ዘለካ ዝሓበሩኻ:: ብመሰረት ሓበሬታኦም እቲ ዝረኸብካዮ ሓበሬታ ናብ ሜዳ ምስ ለኣኽካዮ ኸኣ: ኣባል ሓይሊ ባሕሪ ኢትዮጵያ ሓላፊ ርክባት: ሓለቓ ሚእቲ ተመስገን ኣያሌው: ብዛዕባ እታ ኣብ መጥቃዕቲ ባረንቱ ኣብ ዓዲ ቐሺ ዝተማረኸት: ራድዮ ኣር.ዲ.ኤፍ. Radio direction finder (RDF) ኣፍልጦኡ ከካፍል: ናብ ሜዳ ዝኣትወሉ መንገዲ ንኸተጣጥሕ ተሓቢሩካ:: ሓለቓ ሚእቲ ተመስገን ኣያሌው ናብ ሜዳ ክመጽእ እንተተቐቢልዎ ከኣ: ህዝባዊ ግምባር ሓርነት ኤርትራ: ንሓለቓ ሚእቲ ተመስገን ኣያሌው: ናብ ዝመረጾ ቦታ ክሰዶ ከም ዝኽእል ከኣ ሓቢሩካ:: ሓለቓ ሚእቲ ተመስገን ኣያሌው ከኣ: ነቲ መብጽዓ ተቐቢሉ ኣትዩ:: ዘድሊ ሓበሬታ ምስ ኣቐበለ ከኣ: ህዝባዊ ግምባር ከም መብጽዓኡ: ንሓለቓ ሚእቲ ተመስገን ኣያሌው: ኣብ እዋኑ ናብ ሃገራት ምዕራብ ሰዲድዎ ኢዩ:: ምናልባት ሓለቓ ሚእቲ ተመስገን ኣያሌው: ነዚ ሓበሬታ እዚ ምስ በጽሖ ምላሹ ክህብ ይኽእል ኢዩ:: የማነ ተኸለገርግሽ ግን ስለምንታይ ነዚ ምኽንያት ከተቕርብ ኪኢልካ ካብ ትዕዝብትና ዝተኸወለ: ሓቂ መሰል ሓሶት ትዝርግሕ ምህላውካ እንተዘንጊዕካ: እቲ ሓቂ ክንሕብረካ:: የማነ ተኸለገርግሽ ነቲ ምስ ኣባላት ስለያ ሕብረት ሶቭየት ኬጂቢ ዝመስረትካዮ ርክብ: እዚ ዘይብሱ ዘረባ መኸወሊ ኢልካ እንተሓሲብካዮ: ቅድሚ ናብ ህዝቢ ምትራኽካ: ምስ መን ተራኺብካ? ኣበይ ተራኺብካ? ድሒሩ ብዝተብጽሐ መጽናዕቲ ስለ ዝተረጋገጸ: እንተዘይሃውተትካ ይምረጽ ነይሩ ኣይተ የማነ ተኸለገርግሽ:: እንተ እቲ ነብሰይ ይሃቕየኒ ኢዩ: ኩሉ ግዜ ከም በደለኛ ኢዩ ንነብሰይ ዝስመዓኒ ዝበልካዮ ግን: እቲ ቐንዲ ክሃቕየካን ክስመዓካን ዝግበኦስ: ናይቶም 19 ውፉያት ተጋደልቲ ኢዩ ክኸውን ነይሩዎ:: ግን ኣይመረጽካዮን: ጌና ኣብ ህይወት 19 ጀጋኑ ዝጨቀወት ኢድካን: ዝጨከነት ልብኻን: መለሳ ጣዕሳ ኣየርኣያን ዘለዋ:: ደሓን ንቐጽል ንኺድ ጥራይ! ታሪኽ ባዕሉ ክዛረብ ኢዩ:: እቲ ግዜ ሕጂ ኢዩ እዋኑ::

ሰውራ ኤርትራ ካብ ምጅማር ብረታዊ ቓልሲ ጀሚሩ: ንኹሉ ፖለቲካዉን ወትሃደራውን ምዕብልናታቱ ከደንፍዕ ክብል: ካብ ናብ ቻይና ምኻድ 1967 ጀሚሩ: ክሳብ 1990: ካብ ሰራዊቱ ንኽሰልጥን: ናብ ሃገራት ዒራቕ: ሶርያ: ሶማል ይልእኽ ነይሩ ኢዩ:: ስለ ዝኾነ ኢዩ ኸኣ: የማነ ተኸለገርግሽ (ኢብራሂም ዓሰል) ብዝብል ሚስጢራዊ ስም: ኣብ 1986 ወኪል ስለያ ህዝባዊ ግምባር ኣብ ሶማል ዝነበርካሉ ግዜ: 49 ተጋደልቲ: ብመኮነን ደረጃ ክስልጥኑን: ናይ ካርታ ንባብን: ናይ ኣጽዋር ከቢድ ብረት ስልጠናን ክወስዱ: ናብ'ቲ ዝነበርካዮ ሶማል ዝመጹ:: ኣብ እዋኑ ምድንጓይ: ናይ ምኽትል ዋና ጸሓፊ ተጋዳላይ ኢሰያስ ኣፈወርቂን: ተጋዳላይ ጴጥሮስ ሰሎሞንን 'ኳ እንተነበረ: ኣብ እዋኑ ስለ ዘርከቡ: እቲ ዝግባእ ወትሃደራዊ ስልጠና ተዋሂቡ: ናብ ቦቶኦም ምስ ተመልሱ ኢዩ: ህዝባዊ ግምባር ሓርነት ኤርትራ ንሓድሽ ወትሃደራዊ መጥቃዕትን ስልትን ንምስልሳል: ሰፊሕ ውጥን ዝሓንጸጸ:: ቅድሚኡ ክሓልፎም ዝነበሮም ስርሓት ግን ነይሮም ኢዮም ::2 ይ ሓድነታዊ ጉባኤ ህዝባዊ ግምባር ሓርነት ኤርትራ ምስልሳል::

ስለ ዝኾነ ኢዩ ኸኣ: ህዝባዊ ግምባር ሓርነት ኤርትራ: ኣቐዲሙ ናይ'ቲ ኣብ ውሽጡ ዝነበረ ቀላሲ ቓልሲ ዝኾነ ሰልፊ: መጀመርያ ጉባኤ ከካይድ ንስለ ዝነበሮ ኸኣ: ንስኻ የማነ ተኸለገርግሽ: ከም ሓደ ካብቶም ኣባል መራሕቲ ጉጅለ ሰልፊ ዝነበሩ ኣካላት ሓደ ብምንባርካ

ኢኻ፡ ንሜዳ ብምእታው ተሳትፎኻ ከተረጋግጽ፡ ግቡእ ናይ ሰልፊ መሰልካ ተሓልዩልካ ዝኣተኻ:: ኣብ እዋኑ መስርሕ ምርጫ ምስ ተጀመረ ኸኣ፡ ንስኻ ኢኻ ንኢሰያስ ኣፈወርቂ ኣብ መበል 9 ቁጽሪ ምርጫ፡ ኢድካ ሓፍ ኣቢልካ፡ ኢሰያስ ኣፈወርቂ ኢልካ ንኽምረጽ ዝረጃሕካ ’ምበር፡ ኢሰያስ ኣፈወርቂ ከም’ቲ ዝበልካዮ እንተዘይመሪጽክናኒ፡ ወይለኽን! ዝዓይነቱ ፈኸራን ዳንኬራን ገይሩ ዝሓዞ ናይ መሪሕነት ቦታ ኣይንነበረን:: ነዚ ’ውን ንስኻ ጽቡቕ ጌርካ እትፍለጦን እትርድኦን ግሉጽ ሓቂ ኢዩ:: ስለ’ዚ ኸኣ እቲ ምርጫ ደሞክራስያውን ፍትሓውን ምንባሩስ፡ ልዕሊ ሰብካ ኣሚንካ ዝመረጽካሉን፡ ሕጹይ ዝረጃሕካሉን ምርጫ ኢዩ ነይሩ:: እግሪ እግሪ ናይ’ዚ ሰልፊ ጉባኤ ከኣ፡ ወግዓዊ 2ይ ሓድነታዊ ጉባኤ ህዝባዊ ግምባር ሓርነት ኤርትራ ተኻይዱ:: ዋና ጸሓፊ ናይ’ቲ ውድብ ከኣ፡ ኢሰያስ ኣፈወርቂ ኮይኑ ተመሪጹ:: እቲ ጉባኤ ክካየድ እንከሎ ከኣ፡ ኣንፈት ማእዝን ጸላኢ ንምቕያርን፡ ዓቕሚ ወትሃደራዊ ሓይሊ ጸላኢ ንምዝንባልን፡ እቲ ኣብ ግምባራት ናቕፋ ንዓሰርተታት ዓመታት ዓሪዱ ዝነበረ ገዚፍ ወትሃደራዊ ሓይሊ ህዝባዊ ግምባር ሓርነት ኤርትራ ዝኾነ፡ ክፍለ ሰራዊት 61፡ ወትሃደራዊ መጥቃዕቲ ንምክያድን፡ ጉልባብ ነቲ ዝካየድ ዝነበረ 2ይ ሓድነታዊ ጉባኤ ንኽኸውን፡ ኣንፈት ጸላኢ ንምጥምዛዝን፡ ሚዛን ሓይሊ ጸላኢ ንምፍታሽን፡ ናብ ድሕሪ መስመር ወጺኡ፡ ምስ ሓንቲ ብርጌድ ክፍለ ሰራዊት 85፡ ብርጌድ 88 ብምኳን፡ ንጸላኢ መሃነኑ ዘጥፋኣሉ ዝነበረ::

ጉባኤ ተወዲኡ፡ ንስኻ ባዕልኻ የማነ ተኽለገርግሽ ናብ ቦታኻ ሶማል ኽትምለስ እንከለኻ፡ ሰለስተ ተጋደልቲ እግሪ እግርኻ ከም ዝሰዓቡኻ፡ ንስኻ ዘይትኽሕዶ ሓቂ ኢዩ:: ነቶም ናብ ሶማል ዝሰዓቡኻ ሰለስተ ሰባት ምስ ተቐበልካዮም ከኣ፡ ኣባል ማእከላይ ሽማግለ ጴጥሮስ ሰሎሞን መጺኡ፡ ነዞም ሰባት ዘድሊ ምትሕብባር ክትገብረሎም ከም ዘለካ ኢዩ ሓቢሩካ:: ሓደ ካብቶም ሰባት ከኣ፡ ሓድሽ ገብረመስቀል (ሃርጌሳ) ኢዩ ነይሩ:: ሓድሽ ገብረመስቀል (ሃርጌሳ)፡ ቅድሚ ናብ ሜዳ ምስላፉ፡ ኣብ ሶማልን፡ ሶማል ኢትዮጵያን ንነዊሕ ዓመታት ዝተቐመጠ፡ ልዑል ምልከት ቋንቋ ኣምሓርኛን፡ ጉራጌን፡ ሶማልኛን፡ ትግርኛን፡ ዓረብን ዝመልኽ ኮይኑ፡ ኣብ ከቢድ ብረት ከኣ ምሳኻ ንነዊሕ እዋን ዝተቓለሰ፡ ውፉይ ሓርበኛ ምንባሩ ኣጸቢቕካ እትፈልጦ ሓቂ ኢዩ::

የማነ ተኽለገርግሽ፡ ኣብ’ቲ ምስ ራድዮ ኣሰና ዝገበርካዮ ቃለ-መሕትት፡ ናይ ብሓቂ ኢኻ ተደርቢሽካ:: ኣብ መበል 11 ክፋል ቃለ-መሕትትካ፡ እቶም ካብ መሬት ሶማል ናብ ውሽጢ ኢትዮጵያ ሰሎኽም ዝኣተዉ ሰለስተ ሰባት፡ ሓድሽ ገብረመስቀል (ሃርጌሳ)፡ ቋንቋ ሶማል ጽቡቕ ምልከት ከምዝነበሮ ገሊጽካ ከተብቅዕ፡ ብጸላኢ ክተሓዙ እንከለዉ ግን፡ ዝኾነ ካብዞም ሰባት ቋንቋ ሶማል ዝዛረብ ከም ዘይነበሮም ኢኻ ገሊጽካ:: ኣብ ሓንቲ ርእሲ ክልተ መልሓስ፡ ህዝቢ ምእንቲ ክፈልጦ ግን፡ እቲ ሓቂ ሎሚ ክንዝርዝሮ ኢና:: ክሳብ ሎሚ ክንጸንሕ ዘገደደና ኸኣ፡ ኩሉ ሰነዳዊ መርትዖታት ክንጥርንፍ ስለ ዝደለና ’ምበር፡ ዝበሃል ስለዘይነበረና፡ ወይ ስለ ዝሰኣና ኣይነበረን::

ሓደ ኣባል ስለያን፡ ሓደ ኣባል ሃንደሳን ዝርከቦም፡ ምስ ሓደ ናይ ቋንቋ ሶማል ምልከት ዘለዎ ኣባል ከቢድ ብረት ዝነበረ፡ ሓድሽ ገብረመስቀል (ሃርጌሳ) ዝተባህለ ተጋዳላይ፡ ብሓባር ሰለስተ ተጋደልቲ፡ መሪሕነት ህዝባዊ ግምባር ሓርነት ኤርትራ ብዝሃቦም ጥብቂ ሚስጥራዊ ወትሃደራዊ ዕማም ንኽዓሙ፡ ካብ ሜዳ ኤርትራ ናብ ሱዳን ካርቱም የምርሑ ኣለው:: እዞም ሰለስተ ተጋደልቲ፡ ንነዊሕ እዋን ብሓባር ዝተፈላለየ ሚስጢራዊ ወትሃደራዊ ስልቲ ክመሃሩ ዝጸንሑ፡ ናይ ሓባር መሳርሕቲ ኢዮም:: ነቲ መምርሒ ዝተቐበሉ ሰለስተ ተጋደልቲ፡ ድሮ ኣብ ካርቱም ምስ ኣተዉ፡ ብዘይ ወዓል ሕደር ኣብ ሓጺር ግዜ ብነፋሪት ናብ ሶማል ገጾም ክጓዓዙ ምኳኖም’ዩ ተነጊሩዎም:: ኩሉ ዝግባእ ናይ መገሺ ሰነዳት ተዳልዩሎም፡ ትራንዚት ብካይሮ ኣቢሎም ናብ ሶማል ክጓዓዙ፡ ናብ መዕርፎ ነፈርቲ ካርቱም ገጾም ዘምርሑ ዘለዉ፡ ጉዕዞ በረራኦም ብዝግባእ ተማሊኢሎም፡ ድሮ ኣብ ሶማል ወኪል ስለያ ህዝባዊ ግምባር ሓርነት ኤርትራ ዝኾነ፡ ተጋዳላይ የማነ ተኽለገርግሽ (ኢብራሂም ዓሰል)፡ ኣብ መዕርፎ ነፈርቲ መቓድሾ ተቐቢልዎም፡ ኣብ ዘዳለዋ መኪና ሰቒሉ፡ ናብ ዝዓርፍሉ ፍሉይ ሚስጢራዊ ቦታ ኣብጺሕዎም ኣሎ::

ድሕሪ ሰለስተ መዓልቲ ኣብ ሶማል ምጽነሖም: ክልተ ላዕለዎት ሓለፍቲ ህዝባዊ ግምባር ሓርነት ኤርትራ: ዋና ጸሓፊ ህዝባዊ ግምባር ሓርነት ኤርትራ: ተጋዳላይ ኢሰያስ ኣፈወርቅን: ኣባል ማእከላይ ሽማግለን ሓላፊ ክፍሊ ስለያ ህዝባዊ ግምባር ሓርነት ኤርትራ: ጴጥሮስ ሰሎሞን: ድሮ ናብ ሶማል ኣትዮም ኣለዉ:: ዋና ጸሓፊ ህዝባዊ ግምባር ሓርነት ኤርትራ ተጋዳላይ ኢሰያስ ኣፈወርቂ: ነቶም ሰለስተ ተጋደልቲ ይረኽቦም ኣሎ:: ምስ'ቲ ሓላፊ ክፍሊ ስለያ ብምኳን ከኣ: ዝግባእ መምርሒ ብምሃብ: ኣብ መዕርፎ ነፈርቲ ድሬዳዋ: ልክዕ ከም'ቲ ኣብ መዕርፎ ነፈርቲ ኣስመራ ንኽልተ ግዜ ዝተኻየደ መጥቃዕቲ ንምክያድ ዝሕግዝ: ወትሃደራዊ መጽናዕቲ ከካይዱን: ንናይ ምትግባሩ ሕንጻጽ ክሕንጽጹን: ነቲ ወፍሪ ስግረ ዶብ "ሀ" ኢሎም ፈሊሞሞ ኣለዉ::

እቶም ሰለስተ ተጋደልቲ: ናብ ዝተዋህቦም ናይ መጽናዕቲ ቦታ ካብ ዝዋፈሩ: ድሮ ሸሞንተ ኣዋርሕ ኣሕሊፎም ኣለው:: ዝግባእ መጽናዕቶም ወዲኦም: ነቲ ናይ መጥቃዕቲ ኩነታት ዝጥዕም ወትሃደራዊ ቅዲ ሑጻ ዝኸውን ካርታ ኣዳልዮም ኣለዉ:: ድሮ ንመዕርፎ ነፈርቲ ድሬዳዋ ከም ኣጻብዕቲ ኢዶም ፈሊጦማ ኣለዉ:: መጽናዕቶም ኣኸለ ዘበለ ምኻኑ ድሕሪ ምርግጋጾም: መልእኽቶም በቲ ኣብ ሶማል ዘሎ ወኪል ስለያ ህዝባዊ ግምባር ሓርነት ኤርትራ: የማነ ተኽለገርግሽ (ኢብራሂም ዓሰል) ኣቢሎም: ናብ ሜዳ ከም ዝመሓላለፍ ገይሮም ኣለዉ::

ሓለቓ ስታፍ ተጋዳላይ ስብሓት ኤፍሬም



ኣብ ሜዳ ኸኣ: ፍሉይ ወትሃደራዊ ስለጠና ዝወስዱ 18 ተጋደልቲ: ከቢድ ዘመናዊ ወትሃደራዊ ታዕሊም የካይዱ ኣለዉ:: ፍሉይ ሚስጢራዊ መልእኽቲ ዝበጽሖ መሪሕነት ህዝባዊ ግምባር: ነቶም 18 ተጋደልቲ: ናብ ሓደ ምእኩል ቦታ ዓዲሙ: ንምንታይ ዕላማ ክዕለሙ ከም ዝጸንሑን: ሕጂ ግን ናብ ቦታ ሽቶ ክንዓዙ ምኳኖም: ነዚ ዕማም እዚ ምሕራዮም ከኣ: ኣብ ታሪኽ ህዝቢ ኤርትራ ረዚን ክብሪ ዘለዎ ስፍራ ከም ዘለዎም ይሕብሮም ኣሎ: ሓለቓ ስታፍ ወትሃደራዊ ስሪሒታት ህዝባዊ ሰራዊት ሓርነት ኤርትራ: ተጋዳላይ ስብሓት ኤፍሬም::

ፕረዚደንት መሓመድ ሲያድ ባረ — ዋና ጸሓፊ ተጋዳላይ ኢሰያስ ኣፈወርቂ





ዋና ጸሓፊ ህዝባዊ ግምባር ሓርነት ኤርትራ: ተጋዳላይ ኢሰያስ ኣፈወርቂ: ድሮ ኣብ ሶማል ኣትዩ: ካብ ሶማል ዝተበገሰ ፍሉይ ኣሃዱ ኮማንዶ ህዝባዊ ሰራዊት ሓርነት ኤርትራ: ካብ መሬት ሶማል ተበጊሱ: ናብ ውሽጢ መሬት ኢትዮጵያ ሰሊኹ ብምእታው: ኣብ ልዕሊ ወትሃደራዊ መዕርፎ ነፈርቲ ድሬዳዋ: በርቃውን ደምሳስን መጥቃዕቲ ንኸካይድ: ናይ መንስግቲ ሶማል ፍቓድ ንምሕታት: ምስ ፕረዚደንት ናይ'ታ ሃገር: ፕረዚደንት መሓመድ ሲያድ ባረ ይራኸብ ኣሎ:: ብወገኑ ፕረዚደንት መሓመድ ሲያድ ባረ: ንሕቶ ዋና ጸሓፊ ህዝባዊ ግምባር ሓርነት ኤርትራ: ተጋዳላይ ኢሰያስ ኣፈወርቂ ብእወንታ ተቐቢሉ: ንትግባረኡ ዝምልከት: ናብ ሚኒስተር ምክልኻል እታ ሃገር: ጀነራል መሓመድ ሰይድ ሃሪስ ሞርጋን: ዝግባእ መልእኽቲ የመሓላልፍ ኣሎ::

እቶም ኣብ ሜዳ ኤርትራ ንፍሉይ ስሪሒት ምኳኖም ተሓቢሩዎም ዘሎ 18 ፍሉያት ተጋደልቲ: ድሮ ናይ ጉዕዞ መደባቶም ኣጻፊፎም: ብመርከብ ህዝባዊ ግምባር ሓርነት ኤርትራ ገይሮም: ናብ ወደብ ባርባራ ሶማል ኣትዮም ኣለው: ወኪል ስለያ ህዝባዊ ግምባር ሓርነት ኤርትራ የማነ ተኽለገርግሽ (ኢብራሂም ዓሰል) ተቐቢሉ: ናብ ዝተዳለወሎም መዕረፊ ቦታ ኣብጺሕዎም ኣሎ:: እቶም ድሮ ኣብ ሶማል ንኣስታት 8 ወርሒ ማዕረ-ማዕረ እቶም ኣብ ሜዳ: ወትሃደራዊ ታዕሊም ዘካይዱ ዝነበሩ ብጾቶም: ናብ መሬት ኢትዮጵያ ሰሊኾም ብምእታው: ወትሃደራዊ ስለያዊ ስርሓት ዘካይዱ ዝነበሩ: ሓድሽ ገብረመስቀል (ሃርጌሳ) ዝርከቦም ሰለስተ ተጋደልቲ: እነሆ ሕጂ ምስቶም ካብ ሜዳ ዝመጹ 18 ብጾቶም: ኣብ ወደብ ባርባራ ተጸናቢሮም: ከም ቁጽሪ ጎልቢቶም 21 ሰባት በጺሖም ኣለዉ:: ኩሎም እዞም ፍሉያት ተጋደልቲ: ኣብ ገጾም ፍስሃን ደስታን: ዓቢ ናይ ዓወት ተስፋን ይንበብ ኣሎ:: ኣብ ሞንጎኦም ሰሓቕን ወኻዕካዕን ኢዩ ዝድመጽ ዘሎ::

ሓላፊ ክፍሊ ስለያ ህዝባዊ ግምባር ሓርነት ኤርትራ ተጋዳላይ ጴጥሮስ ሰሎሞን: ነቶም 21 ተጋደልቲ ብሓባር የዛርቦም ኣሎ:: ብመሰረት ዳርጋ ዓመት ምሉእ ክወስድዎ ዝጸንሑ ትምህርትን: ብናይ ስራሕ ክፍፍል ከካይድዎ ዝጸንሑ ወተሃደራዊ መጽናዕትን: እንታይን? ኣበይን? ብኸመይ ነቲ ዝተዋህቦም ወተሃደራዊ ሸቶ ከተግብሩዎ ከም ዝኽእሉ ይመያየጡን: ነቲ ዝተኻየደ መጽናዕቲ ብዕምቆት ኣዳቒቖም ይዛተይሉን ኣለው::

ጀነራል መሓመድ ሰይድ ሃሪስ ሞርጋን ተጋዳላይ ጴጥሮስ ሰሎሞን




ሕጂ እዋን ንቕሎ ኢዩ ኮይኑ ዘሎ:: እቶም 21 ተጋደልቲ: ምስ ሓላፊ ስለያ ህዝባዊ ግምባር ሓርነት ኤርትራ ተጋዳላይ ጴጥሮስ ሰሎሞንን: ወኪል ስለያ ህዝባዊ ግምምባር ሓርነት ኤርትራ ኣብ ሶማል ተጋዳላይ የማነ ተኽለገርግሽ (ኢብራሂም ዓሰልን) ብምኧን: ብሓንቲ ፍልይቲ ወተሃደራዊት ነፋሪት: ናብ ሃርጌሳ ይብገሱ ኣለዉ:: እታ ፍልይቲ ነፋሪት: መንግስቲ ሶማል ነቶም ውፉያት 21 ተጋደልቲ ምስ ብጸቶም ክጥቀሙላ ዝፈቐደሎም ኮይና: ኣብ'ቲ ቦታ: ማለት ሃርጌሳ ምስ በጽሑ: ሚኒስተር ምክልኻል ናይ'ታ ሃገር: ጀነራል መሓመድ ሰይድ ሃሪስ ሞርጋን: ኣብ መዕርፎ ነፈርቲ ሃርጌሳ ድሙቕ ኣቀባብላ ይገብረሎም ኣሎ:: ሓላፊ ስለያ ህዝባዊ ግምባር ሓርነት ኤርትራ: ተጋዳላይ ጴጥሮስ ሰሎሞን: ብመሰረት ዋና ጸሓፊ ህዝባዊ ግምባር ሓርነት ኤርትራ: ኢሰያስ ኣፈወርቂ ዝሃቦ መምርሒ መሰረት: ድሮ ዝሓዞ መልእኽቲ ናብ ሚኒስተር ምክልኻል ሶማል: ጀነራል መሓመድ ሰይድ ሃሪስ ሞርጋን ብምባጻሕ: ብዛዕባ ውጥን ናይ'ቲ ዝተመደበ ወተሃደራዊ ስራሒት ይዘራረቡ ኣለው:: ኣብ'ቲ እዋን ዝርርብ: ወኪል ስለያ ህዝባዊ ግምባር ሓርነት ኤርትራ ኣብ ሶማል: ተጋዳላይ የማነ ተኽለገርግሽ (ኢብራሂም ዓሰል) 'ውን ምሰኦም ኣሎ::

ሚኒስተር ምክልኻል ሶማል ጀነራል መሓመድ ሰይድ ሃሪስ ሞርጋን: ንውጥን ወተሃደራዊ መጥቃዕቲ ፍሉይ ኣሃዱ ህዝባዊ ሰራዊት ምስ ሰምዐ: ኣዝዩ ተደነቐ:: ከም'ዚ ዓይነት ስግረ-ዶብ ወተሃደራዊ ስራሒት ንምፍጻም: ዓቕምን ክእለትን ብልሕን: ናይ'ተን ኣለና ዝበላ ዓበይቲ መንግስታት ዓለምና ዝግበር 'ምበር: ብሓደ ጌና ንነብሱ ወግዓዊ ተፈላጥነት ዘይረኸበ ውድብ ክካየድ ኢልካ ምሕሳብ: "ሃመማ ንብዕራይ ክኸብዶ" ኢዩ ኢልካ ከም ምልኣኽ ከም ዝቐጽር ኢዩ ክብል መሰለ::

ሓላፊ ስለያ ህዝባዊ ግምባር ሓርነት ኤርትራ ተጋዳላይ ጴጥሮስ ሰሎሞን ግን: ብነብሰ ተኣማንነት ንድሕሪት ምልስ ኢሉ: ንስራሒት ኮማንዶ መዕርፎ ነፈርቲ ኣስመራ ዘኪሩ ዝን ድሕሪ ምባል: እወ ሓሳብ ጥራይ ክመስል ይኽእል ኢዩ:: እንተኾነ እዚ ብፍቕሪ ሃገሩ ዝነደደ መንእሰይ ኤርትራ: ምእንቲ ነጻነት ሃገሩን ህዝቡን መስዋእቲ ክኸፍል ኢዩ ናብ በረኻ ወጺኡ:: ሕጂ ኸኣ እዞም 21 ተጋደልቲ ነጻነት: ካብ ማሙቕ ቤቶም ክወጹ እንከለዉ ኣተሒዞም ኢዮም: ንነብሶም ምእንቲ ህዝቦምን ሃገሮምን ዝተበጀዉ ስዉኣት ገይሮም ዝፈልጥዋ: እዚ ሓደ ካብ ባህሊ ህዝባዊ ግምባር ሓርነት ኤርትራ ኢዩ:: ምኽንያቱ:- "ምእንቲ ህዝብኻ መስዋእቲ: ሓላል! ካብ ቓልሲ ህዝብኻ ምኽዋል ግን: በደል!" ምኧኑ ኢዮም ዝፈልጡ:: ስለ'ዚ ነዚ ስርሒት ብርእሰ ተኣማንነት ጥራይ ዘይኮነ: ክሳብ ርእሰ መስዋቲ ክፍጽምሉ ዝመጹ: ዉፉያት ሓርበኛታት ኢዮም ክብል መረዳእታኡ ዛዘመ::

ብተመስጦ ክሰምዕ ዝጸንሐ ሚኒስተር ምክልኻል ሶማል: ጀነራል መሓመድ ሰይድ ሃሪስ ሞርጋን: ሕጂ ካባይ እንታይ ኢዩ ዝድለ ዘሎ በለ: ሓላፊ ስለያ ህዝባዊ ግምባር ሓርነት ኤርትራ ተጋዳላይ ጴጥሮስ ሰሎሞን: ብመሰረት ምስቶም 21 ዉፉያት ተጋደልቲ ዝገበሮ ንወፍሪ ስራሒቶም ዘድሊ ኣጽዋራትን: ናይ ሰራዊት ሶማል ምትሕግጋዛትን: ብዝርዝር ኣረድአ:: ኣብ'ቲ ቀጻሊ ርክብ ከኣ: ነዞም ናብ'ቲ ስርሒት ዝኸዱ 21 ውፉያት ተጋደልቲ ርክብ ዝገብር ሰብ: እቲ ኣብ ሶማል ወኪል ስለያ ህዝባዊ ግምባር ኮይኑ ተመዲቡ ዘሎ: የማነ ተኽለገርግሽ (ኢብራሂም ዓሰል) ምኧኑን: ብመንገዱ እቲ ህልዊ ኩነታት ክፈልጥ ከም ዝኽእልን: ኣድላዩ ዘበለ

ምትሕብባር ከይፍለዮን ከኣ ኣስመረሉ ነቲ ዘተ: ሓላፊ ስለያ ህዝባዊ ግምባር ሓርነት ኤርትራ ተጋዳላይ ጴጥሮስ ሰሎሞን::




ብመሰረት ጠለብ ሓላፊ ስለያ ህዝባዊ ግምባር ሓርነት ኤርትራ ተጋዳላይ ጴጥሮስ ሰሎሞን: ኩሉ ዝተሓተተ ኣጽዋራትን ተባራዒ ቦምባታትን: ሞርስ ዝዓይነታ ብሚስጢር: ብዘይ ናይ ድምጺ ዘረባ ብኮድ መልእኽቲ እተመሓላልፍ ዘመናዊት ወትሃደራዊ ራድዮ ርክብን: ነፍስ-ወከፍ ሰብ ነንሓድሕዱ ክረዳዳኣሉ ዝኽእል: ናይ ርክብ ራድዮን ክዳለወሎም ብዝሓተትዎ መሰረት: ኩሉ ተማሊኡ ተቐሪብሎም ኣሎ::

እቶም 21 ተጋደልቲ: ክሳብ እቲ ምስ ኢትዮጵያ ዘዳዉብ መሬት ሶማል ዝበጽሑ: ከሰንዮም ዝኽእል ወትሃደራዊ ኣዛዚ: ሓደ ኮሎኔል ዑመር ገይሳ ዝብሃል ሶማላዊ ክጽምበሮም ምኳኑ ተሓቢርዎም ኣሎ:: ሓላፊ ስለያ ህዝባዊ ግምባር ሓርነት ኤርትራ ተጋዳላይ ጴጥሮስ ሰሎሞን: ነቶም 21 ተጋደልቲ: ፍሉይ ናይ ምፍናው ግብጃ ብምድላው: ንመወዳእታ ግዜ ናብ ስራሒቶም ክብገሱ የፋንዎም ኣሎ:: ኣጆኹም ዓወት ምሳኹም ኢያ ዘላ! ኣይትሕመቑ! ክብሎም እንከሎ: ኣብ ገጽ ኩሎም ናይ ዓወት ንብዓት: ኣብ የዒንቶም ይረአ ነበረ::

ድሕሪ እቲ ዝተገብረ ፍሉይ ግብጃ: እቶም ውፉያት 21 ተጋደልቲ: ኣብ ወትሃደራዊ መኪና ተጻዒኖም: ካብ ሃርጌሳ ተበጊሶም: ናብ ጻርዳ ሓሊፎም: ነቲ ናይ ሃርካዳድ ጥዉይዋይ መንገዲ ሰጊሮም: ብተይሳ ኣቢሎም ናብ ቶጎዋጃለ ተጸምቢሮም: ኣብ ማሽሩካ ክሳብ ዝበጽሑ: ብዛዕባ እቲ ዝፍጽምዎ መስተንክር ወትሃደራዊ ስርሒት እንዳተመያየጡ ኢዮም ዝኸዱ ነይሮም: ሓደ 'ኳ ካብኣቶም: ክስዋእ ምኳኑ እንዳፈለጠ ዝን ዝበለ ኣይነበረን:: ከመይ ገይሩ ነታ ዝተዋህበቶ ሽቶ ይፍጽማ: ኣብ ምስልሳልን: ዝጎድሎም ነገር ከይህሉ ኣብ ምምኽኻርን ተጸሚዶም እንከለዉ ኢዮም: ኣብ ዶብ ሶማልን ኢትዮጵያን እትርከብ ማሽሩካ ዝበጽሑ::

ኣብ መንገዲ ከሰንዮም ዝጸንሐ ሶማላዊ ኮሎኔል ዑመር ገይሳ: በቲ ጉዳይ ጌና ይድነቕ ኢዩ ዘሎ:: ክሳብ'ቲ ናይ ዶብ መፈላለዩ ምሰኦም ዝተጓዕዙ: ሓላፊ ስለያ ህዝባዊ ግምባር ሓርነት ኤርትራ ተጋዳላይ ጴጥሮስ ሰሎሞንን: ወኪል ስለያ ህዝባዊ ግምባር ኣብ ሶማል የማነ ተኽለገርግሽ (ኢብራሂም ዓሰል): ኣብ መወዳእታ መፈላለዩ ቦታ ከም ዝበጽሑ ምስ ፈለጡ: ንመራሕ ናይ'ቲ ስርሒት: ፍሉይ ኣሃዱ 21: ካብ ሕጂ ርክቦም ምስ ወኪል ስለያ ህዝባዊ ግምባር ኣብ ሶማል: የማነ ተኽለገርግሽ (ኢብራሂም ዓሰል) ምኳኑ ብምሕባር: ነቶም ተጋደልቲ ናይ መውዳእታ ስንብታ ሂቡ ክፋነዎም እንከሎ: ምስ'ቲ ሶማላዊ ኮሎኔል ዑመር ገይሳ ኮይኖም ናብ ሃርጌሳ ገጾም ይምለሱ ኣለው::

እቶም ዉፉያት ኣሃዱ 21 ተጋደልቲ: ኣብ'ቲ ከባቢ ብዝተቐረባሎም ኣግማል: ንኹሉ ዘድልዮም ኣጽዋራትን: ናይ ስንቂ ኩነታቶምን: ሕክምና ናውቶምን ጠርኒፎም: ምስ'ቲ ከባቢ ተመሳሲሎም ነቲ ናይ እግሪ ጉዕዞ: ብጎድኑ-ኣልሃመር ሀ ኢሎም ፈሊመሞ ኣለዉ:: ድሮ ነቲ ቦታታት ከም ኣጻብዕቲ ኢዶም ፈሊጠሞ ዝጸንሑ: ቅድሚ እቶም 18 ተጋደልቲ ናብ ሶማል መጺኦም ዝነበሩ: ሓድሽ ገብረመስቀል (ሃርጌሳ) ዝርከቦም ሰለስተ ተጋደልቲ እንዳ ተመርሑ ኸኣ: ኤጅሪሳ-ጎሮ ዝርከብ በረኻ ጎበታት ድሕሪ ሰለስተ መዓልቲ ዝወሰደ ጉዕዞ: ኣብ ሓደ ስቱር በዓቲ: ንኽልተ መዓልቲ ተኸዊሎም የዕሪፎም ኣለው::

እዋን ተበገስ ኮይኑ ኣሎ:: ድሮ ንብኩሳ ሓሊፎም: ንፋሌና ብጎና ተጸጊዖም ብምሕላፍ: ኣብ ኣጉ ዝበሃል ቦታ ሰጊሮም: ናብ ሃማ ወጨለ ምስ በጽሑ: ዳግማይ ናይ ዕረፍቲ ግዜ ወሲዶም ኣለዉ:: ማዕረ ማዕረ እዚ ኸኣ: ርክቦም ምስ ማእከላይ ወኪል ስለያ ህዝባዊ ግምባር ኣብ ሶማል: የማነ ተኽለገርግሽ (ኢብራሂም ዓሰል): ኣብ ነፍስ-ወከፍ ሰዓት ቀጻሊ ኢዩ ዘሎ::

ሓላፊ ስለያ ህዝባዊ ግምባር ሓርነት ኤርትራ: ተጋዳላይ ጴጥሮስ ሰሎሞን: ካብ ሶማል ካብ

ዝወጽእ ድሮ ክልተ ቕነ ኢዩ ወሲዱ ዘሎ:: ንሱ ንወኪል ስለያ ህዝባዊ ግምባር ሓርነት ኤርትራ ኣብ ሶማል: የማነ ተኽለገርግሽ (ኢብራሂም ዓሰል): ኣብ ሃርጌሳ ኮይኑ: ነቲ ጉዳይ ክከታተሎን: ዘድሊ ሓበሬታታት ናብ ሜዳ ዝበጽሓሉ መንገዲ ኸኣ ክፍጽምን: ክሳብ እዚ ጉዳይ ስራሒት ዝዛዘም ከኣ: ኣብ ሃርጌሳ ኮይኑ: ነዚ ጉዳይ ክከታተል ኢዩ መምርሒ ተዋሂብዎ ዘሎ:: ንሱ ካብ'ታ ዝደቐቐት: ክሳብ እታ ዝዓበየት ምንቅስቓስ ናይቶም 21 ውፉያት ተጋደልቲ: ካብ ምክትታል ዓዲ ኣይወዓለን:: ኣበይ በጺሖም: ርሕቀት ናይ ዝተጓዕዝዎን: ዘጋጠሞም ኩነታትን ጥራይ ዘይኮነ: ዝጸንሖም ኩነታት ኣየር ከይተረፈ ኢዮም ዝሕብርዎ ዘለው::

እቶም 21 ውፉያት ተጋደልቲ: ኣብ ዋረ-ሮብለ ምስ በጽሑ ግን: ነቲ ዝራኽቦም ዝነበረ ወኪል ስለያ ህዝባዊ ግምባር ሓርነት ኤርትራ ኣብ ሶማል: የማነ ተኽለገርግሽ (ኢብራሂም ዓሰል): ኣብ መስመር ክረኽብዎ ኣይከኣሉን:: ንሱ ድሮ ካብ ሃርጌሳ ወጺኡ: ናብ ከንያ ገጹ ተጓዒዙ ኣሎ:: መስመር ርክብ ዝተቓረጸም 21 ውፉያት ተጋደልቲ: በቲ ኩነታት ከይተሰናበዱ ኣብ ምምራሽ እንከለዉ ግን: ብሄሊኮፐተራት ዝተሰነየ ፍሉይ ኣሃዱ ኮማንዶ ሰራዊት ሕብረት ሶቭየትን ምብራቕ ጀርመንን: ክልተ ክፍለ ሰራዊት ኣየር ወለድ ኣሃዱ ኢትዮጵያን: እቲ ቦታ ተኸቢቡ: ኣብ ድብያ ኣተው::

መሬት ከም ኣፍዕንቂ ጸበበት: ጸላኢ ብኸመይ ክፈልጥ ኪኢሉ ሓርቢቶም: ዝያዳ ኹሉ ዘሻቐሎም ከኣ: ርክብ ናይ'ቲ ምስኦም ዝራኽብ ዝነበረ ወኪል ስለያ ህዝባዊ ግምባር ሓርነት ኤርትራ ኣብ ሶማል: የማነ ተኽለገርግሽ (ኢብራሂም ዓሰል) ምቑራጽ ከኣ: ቅሳነት ከልኦም:: ጸላኢ ነቲ ከባቢ ምሉእ ብምሉእ ብሓይልታቱ ገቲሩ ኢዩ ሒዝዎ ዘሎ:: ኣበይ ከም ዘለዉን: ብዝሖምን 'ውን ኣረጋጊጹ ኢዩ:: ከም ሓሳብ ጸላኢ: ብኢዶም ክማርኹም 'ኳ እንተነበረ: እቶም ውፉያት 21 ተጋደልቲ ግን: ተስፋ ከይቆረጹ: ምስ'ዚ ገዚፍ ወጻእተኛታት ከይተረፈ ዘኽተተ ሓይሊ: ኣብ ርሱን ምድላው ኩናት ኣተው::

ፍሊጶስ ወልደዮውሃንስ



መኮንን ተኽለ (ጉብጣን)




ህዝባዊ ግምባር ብዝወጠኖ ሓድሽ ወትሃደራዊ ስትራተጂ ኸኣ: ንዶብ ሱዳን ሰጊሩ: ናብ ኣሶሳ መሬት ኢትዮጵያ ብምሕላፍ: ሓደ ሰፊሕ ደምሳሲ መጥቃዕቲ ንምውሳድ: ኣሃዱ ህዝባዊ ሰራዊት ሓርነት ኤርትራ ናብቲ ከባቢ የሕሊፉ መጥቃዕቱ የካይድ ኣሎ: ጸላኢ ብኸቢድ ተሳዒሩ:: ካብ'ቲ ቦታ ለቒቑ ኣሎ:: ነቲ ስራሒት ዘካየደት ክፍለ ሰራዊት ሰብዓ: ኣብ'ቲ ስራሒት ሓደ ሰፍ ዘይብል ታሪኽ ዝተሰከመ: ኣብ ስራሒት መዕርፎ ነፈርቲ ሰምበል ዓቢ ጅግንነት ካብ ዝፈጸሙ: መኮንን ተኽለ ጉብጣን መስዋእቲ ከፊላ ኣላ::

እቶም 21 ውፉያት ተጋደልቲ: ኣብ ዝሓሰብዎ ዕላማን ሸቶን ከይበጽሑ: ኣብ መንገዲ ብጸላኢ ተኸቲሮም ኩናት ምግጣሞም: ናይ ብሓቂ ንዘጋጠመ መኻልፍ ክጻወርዎ 'ኳ እንተዘይከኣሉ: መኪቶም ነቲ ከባብ ፈንጂጎም ንኽወጹ ግን: ብቖራጽነት ነቲ ኹናት ክብድህዎ ኢዮም ናብ ጥምጥም ኣትዮም:: ኣብ'ቲ ዝተኻየደ መስርሕ ኩናት: 19 ካብቶም ተጋደልቲ: ብሓርበኝነት ክስዉኡ እንከለዉ: እቶም ክልተ ግን: ካብ'ቲ ከበባ ኣምሊጦም እግሮም ከም ዝሃቦም ኢዮም ተጓዒዞም::

ኣብ'ዚ እዋን እዚ ኸኣ: እቲ ምስኦም ርክብ ዘቛረጸ ወኪል ስለያ ህዝባዊ ግምባር ሓርነት ኤርትራ ኣብ ሶማል: የማነ ተኽለገርግሽ (ኢብራሂም ዓሰል): ኩሉ ናይ መገሻ ሰነዳት ተዳልዩሉ: ናብ ጀርመን ክብገስ ኣብ ጉዕዞ ኣሎ::

እቶም ካብ'ቲ ከበባ ዘምለጡ ክልተ ተጋደልቲ: ድሕሪ ናይ 6 ወርሒ ዝኸውን ገልታዕታዕን: ጽንኩር ኩነታትን: ኣብ ገሊኡ ንመግቦም ዝኸውን እንዳ ተዓስበ: ኣብ ገሊኡ ብጉስነት እንዳተቐጽሩ ብዘሕለፍዎ መከራ: ናብ ብጾቶም ሜዳ ኤርትራ ዝተሓወሱ::

እቲ ዓቢ እምነት ተነቢሩሉ: ነቲ ስርሒት ኣብ ሃርጌሳ ኮይኑ ከወሃህድ ዝተመደበ ወኪል ስለያ ህዝባዊ ግምባር ሓርነት ኤርትራ ኣብ ሶማል: የማነ ተኽለገርግሽ (ኢብራሂም ዓሰል): ነቲ ሚስጢራዊ ስርሒት: ናብ ጸላኢ ብገንዘብ ብምሻጥ ኢዩ: ንብጾቱን ሃገሩን ኣግዲዑ: ኣሕሊፉ ብምሃብ: ምስ ጸላኢ ብምትሕብባር: ናይ 19 ውፉያት ተጋደልቲ ህይወት ከም ዝቐዘፉ ብምግባር: ናብ ሃገረ ጀርመን ዝኣተወ:: ዝብኢ እንተሓነኽስ: ንነብስኻ ይደሊ!!! ዝብልኹም ከም'ዚ ኢዩ::

ሎሚ እነሆ የማነ ተኽለገርግሽ (ኢብራሂም ዓሰል): የእዳዉ ብደም ንጹሃት ዉፍያት 19 ብሉጻት ተጋደልቲ ከም ዘይጨቀወ: ንጹሕ ክመስል: ከም'ቲ ”ወኻርያስ: ጻድቕ ክትመስል: ዝዋውዕ ትኣስር!!!” ዝብሃል: ሕጹብ ከም ጲላጦስ ኮይኑ: ”ሳሕል ወፈርና እንታይ ኣምጻእና” ዘርእስታ መጽሓፍ ብምጽሓፍ: ንሰውራ ኤርትራ: ነቲ ሰውራ ጅግንነትን ሓቅነትን! ነቲ ሰውራ ጽንዓትን ተወፋይነትን! ነቲ ሰውራ መስዋእትን ነጻነትን! ከቐናጽብ ጥራይ ዘይኮነ: ንዝኸሪ ነታ በቶም ዝተበጀዉ ሰማእታት ዝመጸት ሃገረ ኤርትራ: ሰሚናር ክህብ ከይሓፈረ ዑደት ዝገብር ዘሎ:: እወ!!! ”ንሕና ሳሕል ወፈርና: ነባሪ ሰላምን ቅሳነትን ዘለዋ ነጻ ሃገር ኢና ኣምጺእና!!!” ሓደ ወለዶ ከኣ: ኣብ ዕድሚኡ ሓደ ታሪኽ ጥራይ ኢዩ ዝሰርሕ: ዝተረፈና ዕማም እንተሎ ኸኣ: መጻኢ ወለዶ ባዕሉ ክምልኦ ኢዩ ዘለዎ::

ግዱሳት ተጸናጸንቲ እከይ ውዲታት!!!
gdusattsenatsenti@gmail.com